**ብደምኩም ለሚዑ ።**

እቲ ጽሩይ ደም፡ ደም ተጋዳላይ፡

ደም እቲ ስሩዕ ኣብ ከተማ ኣገልጋላይ፡

ዓቀኑ ርእይርዮ መሲሉ ቀላይ።

ደምታ ንጽህቲ ናይ ሜዳ ስልፍቲ፡

ብፍቕሪ ሃገራ ኣዚያ ሕብንቲ፡

ሰጋእ መጋእ ከይበለት ንሃገር ውፍይቲ።

ደሞም ደም እቶም ንጹሃት፡

ዝወፈዩ ሂወቶም ምእንቲ ቡዙሓት፡

እራኣየኒ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት።

ደምኩም ሃፊፉ ዓሪጉ ሰማይ፡

ሕብሩ ቀይሩ ርእዩዎ ሕልናይ፡

ደበና መሲሉ ኣዋህሊሉ ማይ።

ሓጋይ ሓሊፉ ምስኮነ ክረምቲ፡

ዝናም ኮይኑ ይወርድ ንታሕቲ፡

ዝነቐጸ መሬት የለስልስ የስቲ።

ኣግራብ ጠጢዑ ለሚዑ ሳዕሪ፡

ህዝቢ የሰላስል ኣሎ ሓምላይ ወፍሪ፡

ብግብሪ ክቱርጉም ተሰኪሞ ሕድሪ።

ደምኩም ዝዛረየ ኣኽራናት ጎላጉል፡

ዛላታት ከትርታት ተሰሪሑሉ ማይ ከዋህልል፡

ፍጡር ኩሉ ክምለስ ናብ ንቡር።

ጣሕሲሱ ዝነበረ ኣግራብ ለሚዑ፡

ገያጽ ዝነበረ ኮረቢት ኣጉላዕሊዑ፡

ሳላ ንጹህ ደምኩም ኩሉ ተሰሪዑ።

ጸወታ ሰሓቕኹም ኩሉ ትዝ እብለኒ፡

ኣብ ጎነይ ብኣካል ዘለኹም ኮይኑ ይስማዓኒ፡

መንፈስኩም ግን ህያውዩ ኣበይ ከይከደኒ።

ሰነ 20 ተወሰነት ክትብዓል ንኽብርኹም፡
ንኽብሪ ዝፈሰሰ ንጹህ ደምኩም፡
ንክብሪ ተኸስከሰ ብሉጽ ዓምኹም።

ነብዕላ ኣሎና ሰሚና መዓልቲ ሰማእታት፡
ተኣኪብና ዓበይቲ ምስ ህጻናት፡
ንስለ ክብሩኹም ክብሪ እቶም ሕቡናት።

እቲ ጸልማት ድነ ኮይኑ ነበረ፡
ብመስዋእትነትኩም ኣብ ብርሃን ተቐየረ፡
ስምኩም ነባሪ እዩ እናተዘከረ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።